## ብዛዕባ እቲ ፍቓድ ብዝምልከት ሓበሬታ

ንጓልኩም ናብ ሃገራ ብምምላስ ንክትኽንሸብ/ክትግረዝ ስግኣት ኣሎ ኢሉ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI) ስለ ዝኣመነ ኣብ ኖርወይ ጸግዒ ንክትወሃባ ፈቒዱ። እዚ ተዋሂቡ ዘሎ ውሳኔ ንጓልኩም ካብ ምኽንሻብ ንምድሓና ብዝብል እዩ።

ጓልካ ንከይትኽንሸብ ቀንዲ ሓላፍነት ዘለዎ ንስኻ ኢኻ።

## ኣብ ኖርወይ ንዝነብሩ ደቂኣንስትዮ ምስ ዝኽንሸባ እንታይ የጋጥም?

ኣብ ኖርወይ ባዕልኻ ምኽንሻብ ወይ ኣብ ምኽንሻብ ምስታፍ ይኹን ምትሕብባር (ናይ ደቂኣንስትዮ ምኽንሻብ) ክልኩል'ዩ። እዚ ድማ ንኹሉ ኣገባባት ክንሸባ ዝምልከት እዩ። ኣብ ኖርወይ ዝነብሩ ሰባት ንዝኾነት ጓልኣንስተይቲ ከም እትኽንሸብ ምስ ዝገብሩ ክሳብ ዓሰርተ ዓመታት ክእሰሩ ይኽእሉ ኢዮም። ስድራቤታ ነቲ ናይ ምኽንሻብ ተግባር ክከላኸሉዎ እናኽኣሉ ከለዉ ክዓግቱዎ ምስ ዘይፍትኑ ድማ ብሕጊ ይኽሰሱ። እቲ ናይ ምኽንሻብ ጉዳይ ወላ ኣብ ካልእ ሃገር ይፈጸም እቲ ተሓታትነት ኣብ ቦታኡ ኣሎ።

ከምዚ ዓይነት መቕጻዕቲ ዝተወሰነሎም ሰባት ካብ ኖርወይ ክስጐጉ/ክጥረዙ ይኽእሉ'ዮም።፣

## ኣብ ኖርወይ ደቂኣንስትዮ ከይክንሸባ ዝከላኸለለን መን'ዩ?

ኣብ ኖርወይ ብዙሓት መንግስታውያን ይኹኑ ናይ ብሕቲ ትካላት ሰራሕተኛታት፡ ዝኾነት ጓል ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ከጋጥማ ተኽእሎ ከም ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ዝረኽቡሉ እዋን፡ ንፖሊስ ወይ ንኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቈልዑ ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም። ሓበሬታ ከይሃቡ ምስ ዝተርፉ ድማ ብገንዘብ ወይ ብማእሰርቲ ይቕጽዑ።

ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቈልዑ ሓንቲ ጓል ኣብ ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ኣላ ዝብል ሓቤረታ ምስ ዝረኽቡ ንኹነታት ስድራቤታዊ ኣተኣላልያ ናይታ ጓል ይምርምርዎ። ሕክምናዊ መርመራ መታን ክግበረላ ኸኣ ናብ ሕክምና ክትከይድ ክእዝዙ ይኽእሉ።

ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮ ካብ ዘዘውትራ ሃገራት ንዝመጽኡ ወለዲ ምስ ሰራሕተኛታት ጥዕና ብዛዕባ ምኽንሻብ ክዘራረቡ ዕድል ይወሃቦም'ዩ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኖርወይ ዝመሃራ ኣዋልድ ምስ ተኸታታሊት ጥዕና ቈልዑ ብዛዕባ ምኽንሻብ ንኽዘራረባ ዕድል ይወሃበን'ዩ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ሕክምናዊ ሓገዝ

ብዙሓት ኣዋልድን ኣንስትትን ናብ ኖርወይ ቅድሚ ምምጽኣን ተኽንሺበን ይጸንሓ ኢየን። ተኽንሺበን ብምጽናሐን ዘይሕጋዊ ኣይኮነን። እንተ ኾነ፡ ወለዲ ዝተኽንሸባ ደቆም ኣድላዪ ሕክምናዊ ክንክን ከም ዝረኽባ ክገብሩ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ ነፍስወከፍ ሕክምናዊ ዞባ ኖርወይ ንዝተኽንሸባ ኣዋልድ ይኹን ኣንስቲ ሕክምናዊ ክንክን ንኽህብ ፍሉይ ሓላፍነት ዝተመዘዘ ናይ ደቂኣንስትዮ ክሊኒክ ኣሎ።

ዝያዳ ሓበሬታ ምስ ዘድልየካ፡ ንጨንፈር [ቀይሕ መስቀል ብዛዕባ ግዱድ መርዓን ምግራዝን ዝምልከቶም (Røde Kors-telefonen om tvangsekteskap og kjønnslemlestelse)] ናብ **815 55 201** ክትድውል ትኽእል። ምስ ሓኪም ወይ ሰራሕተኛ ጥዕና ወይ ከኣ ኣብ ምምሕዳርካ ንዘሎ ቤትጽሕፈት ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቈልዑ ክትውከስ ትኽእል። ከምኡ'ውን ንብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮን ንሕክምናዊ ሓገዝን ብዝምልከት ኣብ መርበብ ሓበሬታ፡ www.nkvts.no. ክትውከስ ትኽእል። ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ሓበሬታመንሹራት ኣብዚ ክትረክብ እውን ትኽእል ኢኻ።

1 ሕጊ ክልከላ ግርዘት § 1
2 ሕጊ ወጻእተኛታት §§ 66 - 68.

## Informasjon om tillatelsen

Datteren din har fått beskyttelse i Norge, fordi UDI mener at hun står i fare for å bli kjønnslemlestet (kvinnelig omskjæring) hvis hun returnerer til hjemlandet. Tillatelsen er gitt for å beskytte datteren din mot omskjæring.

Det er du som har hovedansvaret for at datteren din ikke blir omskåret.

## Hva skjer hvis jenter som bor i Norge blir omskåret?

I Norge er det forbudt å utføre eller medvirke til kjønnslemlestelse (kvinnelig omskjæring). Forbudet gjelder alle former for kvinnelig omskjæring. Personer som bor i Norge kan bli straffet med inntil ti års fengsel, dersom de medvirker til at en jente blir omskåret. Foreldre kan bli straffet dersom datteren deres blir omskåret og det hadde vært mulig for dem å avverge omskjæringen. Det gjelder selv om omskjæringen skjer i et annet land.[1] Personer som får slik straff kan bli utvist fra Norge.[2]

## Hvem passer på at jenter i Norge ikke blir omskåret?

Mange offentlig og privat ansatte i Norge har plikt til å informere politiet eller barnevernstjenesten hvis de har opplysninger om at en jente kan stå i fare for å bli omskåret. De kan bli straffet med bøter eller fengsel, dersom de lar være å varsle.

Når barnevernstjenesten får melding om at en jente står i fare for kjønnslemlestelse, vil de undersøke barnets omsorgssituasjon. Barnevernstjenesten kan gi pålegg om at barnet bringes til sykehus for medisinsk undersøkelse.

Foreldre fra land med kvinnelig omskjæring, vil få tilbud om samtale med helsesøster for å snakke om omskjæring. Jenter som går på ungdomsskolen i Norge vil få tilbud om samtale med helsesøster for å snakke om omskjæring.

## Informasjon om helsehjelp

Mange jenter og kvinner har blitt omskåret før de kom til Norge. Det er ikke forbudt å være omskåret, men foreldre har plikt til å påse at døtre som er omskåret får nødvendig helsehjelp. I hver helseregion i Norge finnes en kvinneklinikk som har et spesielt ansvar for å gi helsehjelp til jenter og kvinner som er omskåret.

Dersom du trenger mer informasjon, kan du ringe **Røde Kors-telefonen om tvangs-ekteskap og kjønnslemlestelse** 815 55 201, snakke med lege eller helsesøster, eller du kan kontakte barnevernstjenesten i kommunen der du bor.

Du kan også finne informasjon om kjønnslemlestelse og tilbud om helsehjelp på nettsiden www.nkvts.no. Her finner du blant annet informasjonsbrosjyrer på ulike språk.

1 Lov om forbud mot kjønnslemlestelse § 1
2 Utlendingsloven §§ 66 - 68